Ass. of Disabled Eritreans
ADE

Ass. Erythréenne d'Invalides
A.E.I.

## ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን።

# ኣገዳሲ ሓበሬታን መግለጽን።

እቲ ካብ ወርሒ ሕዳር 2008 ዓ.ም. ኣትሒዞም ክሳዕ ዕለት ሎሚ ጉዱሳት ኤርትራውያን ንጉዳይ ጀጋኑ ውጉኣት ሓርነት ኤርትራ መደበር ከሰላ ንቀለቦም ይኹን ሕክምናኦም ዝኸውን ካብ ህዝቢ ኤርትራ ገንዘብ ንምእካብ ከካይድዎ ዝጸንሑ ጌናውን ዘካይድዎ ዘለዉ ጉዱሳት ኣሕዋት ጽዑቕን ዕዉትን ጒሽጓሽ ሎሚውን ከም ትማሊ ብስመይን ብስም ናይ ኤርትራ ኣካለ ጸጉማን ማሕበር ኰይነ ዕዙዝ ምስጋናይ የቕርበሎም።

<u>ናይ ኤርትራ ኣካለ ጽጉማን ማሕበር</u> ብወገኑ መሰረት ናይዚ ቅዱስ ዕላማ ኰይኑ ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣተኣኻኽባ ገንዘብ ክጥቀም ጸኒሑ ምንባሩ ብዝተፈላለየ ጸሑፋትን ወብሳይትን ብብሩህ መንገዲ ክገልጽ ድሕሪ ምጽናሕ፤ ውጉኣት ሓርነት መድበር ከሰላ ባዕላቶም ብጉዳይ ጥዕነኦምን መነባብርኦምን ንህዝቦም ዝገልጽሉ ብ DVD ዝተቐረጸ ኣብዚ ቀሩብ እዋናት ናብ ህዝቢ ምስ ተዘርገሔ ድማ ኢዩ ህዝቢ ቆላሕታ ክገብረሉ ዝጀመረ።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ እዚ ተዋጺኡ ዘሎ ገንዘብ ገሊኡ ንቐለቦምን ሕክምናኦምን ክኸውን እንከሎ፤ ዝተረፈ ድማ ሓደ ትካል ንመነባበሪኦም ዝኸውን ዘላቒ ፍታሕ ክግበር ስለ ዝተመደበ ንዓኡ ዘጽንዑ ሓሙሽተ ሽማግለታት ካብ ማሕበርን ህዝብን ተመዲቦም ከም ዘለዉ ንሕብር።

እዚ መዋጮ እዚ ካብ ህዝቢ ስለ ዝዋጻእ ዘሎ ብጉሉጽነት ኣበይ ይውዕልን ብኸመይ ይዕወትን ቀጻልነቱን፤ ካብ ህዝቢ ሕቶን ርእይቶን ለበዋን ስለ ዘድሊ ንዕለት 25-04-2009 ካብ ሰዓት ትሽዓተ ናይ ምሸት ብናይ ኤውሮጳ ኣቛጻጽራ ብፓልቶክን ብእስካይብን ክንመያየጠሉ ስለ ዝኾና ብተገዳስነት ክትከታተሉ ብኽብሪ ንዕድም።

**ሓውኹም።**

**ተስፋይ ተኽለዝጊ**
**ኣቦ መንበር ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ ጽጉማን።**

12.04.2009

**TESFAY Teklezghi – ADE Chairman - 13, Square du Roi Arthur , 35000 Rennes – FRANCE**
**Tel & Fax ( 00.33 ) 223.424.968 - TTW@tele2.fr , TTW@sfr.fr**